ሰልፊ ናህዳ
ኤርትራ ኣራሚት
ሽምግለ

حزب النهضة الإرتري
اللجنة التصحيحية

# Eritrean Nahda Party

## Correction Committee

## ግዚያዊ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ኣካይዳ።

ግዚያዊት መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣራሚት ሽማግለ ብቀዳም ዕለት 4 የካቲት 2017 ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ኣካይዳ። ብመጀመርያ፡ ኣቦ-ወንበር ግዚያዊት መሪሕነት ሰልፊ ሓው ኣቡ ያስር ናይ እንቋዕ ዳሓን መጻእኩም ሓጺር መእተዊ ቃል ድሕሪ ምስምዑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ሓደ ካብቶም ንፍርቂ መዋእል ምእንቲ ናጽነትን ፍትሕን እንዳተቃለሰ ካብዚ ዓለም ብሞት ዝተኸልፈ ሓርበኛ ኣብነታዊ ተጋዳላይ ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም ከምኡውን ሓርበኛ ሼኽ ሓሰን ኸሲሩ። ንስድራቤት መወትቲ፡ ቤተ-ሰቦምን መቓልስቶምን፡ ብዓቢኡ ድማ ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ጽንዓት ይሃብኩም እንዳበልኩ፡ ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ መሪሕነትን ኣባላትን፡ ናይ ሓዘን ተኻፈልቲ መኻኖም ሓውኣቡ ያስር ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ኣተሓሒዙ፡ ነቶምኣብ ዓዲ ወድ ደርኪ ከባቢ ዓዲ ኺላ፡ ሽማግለ ኣቦታትን ኣደታትን፡ ዝርከብዎም ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ብስርዓት ህግደፍ ብኣልማማ ዝተኣስሩ ሰላማውያን ስድራቤት ኣመልኪቱ፡ ነቲ ኣብ ህዝብና ብስርዓት ህግደፍ ዝወርድ ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ኩሉ በብሸነኹ ንማሕበረ-ሰብ ዓለምከቃለዖ ዘለዎ ጉዳይ መኺኑ ኣዘኻኺሩ ።

ብድሕሪ'ዚ ነቲ በተኸታታሊ ኣብ ሪያድን፡ ጅዳን ስዒቡ'ውን ኣብ በርሚንጋሃም፡ ዓባይ ብሪጣንያ ዝተኻየደ ናይ መብርሂ ኣኼባታት ኣዚዩ ኣሞጊሱ። ካልኦት ጨናፈራት'ውን ንውጽኢት ዋዕላ ዝምልከት፤ ተመሳሳሊ ናይ መብርሂ ኣኼባታት ከካይዳ ተላቢዩ። ኣብ መጨረሽታ፡ ነቲ ብፈጻሚት ሽማግለ ዝቀረብ ናይ ፍርቂ ዓመታዊ ናይ ስራሕ መደብ ዕዮን ባጀትን ድሕሪ ምጽዳቑ፡ ነቲ ብውድብ ዲሞክራሲያዊ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ከምኡ'ውን ብተበግሶ

ኣቦታትን ዓበይቲ ዓድን ሸማግለ ሪያድ ዝካየድ ዘሎ ናይ ዕርቅን ምቅርራብ ፈተነ ፤ ክምስገን ዝግብኦ ሰናይ ተበግሶ ኮይኑ፡ ንመዕዋቱ ብወገን ኣራሚት ሸማግለ ዘድሊ ምትሕብባር ክገብር ሙኳኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ። በዚ ኣጋጣሚ ንመሪሕነትን ኣባላትን ውድብ ዲሞክራሲያዊ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ፍሉይ ምስጋና የቕርብ።

**ዓወት ንውጹዕ ተቓላሳይ ህዝብና**

**ውድቀት ንሰርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**ቢት ጽሕፈት ክፍሊ ዜናን ምንቅቓሕን**

**04-02-2017**